# እሸካዕላል ወያነ ኣብ ልዕሊ ንጹሃት ስደተኛታት መንእሰያት ኤርትራ ይኣክል

ኣብ 2002 ውሳኔ ዶብ ኮምሽን ንወያነ መንጸሮር ኣእይትዩሎም፣ ዓቅሎም ምስ ጸበቦም ኣብ ኩሉ ተስፋ ምስ ሰኣኑ ሃሱሳት ኣብ ምጭጫሕ ኣትዮም፣ እዚ'ውን ኣይሰለጦምን፣ ኣብ 2006 ሓለፍቲ ወያነ ኣብ ኤውሮጳን ኣመሪካን ተዋፊሮም ውሳኔ  ዶብ ኮምሽን ከነተግብሮ ኤርትራ ናትና ንብሎ ኣፍተገ ባሕሪ ክትህበና ኣገድዱልና ክብሉ ሓቲቶም። ብኤውሮጳን ኣመሪካን ዝተዋህቦም መልሲ ግን ብጣዕሚ ደንጕኹም ኣብቲ ውዕል ኣልጀርስ ቀሪቡ እንተ ዝኸውን ንኤርትራ መገደድናያ፣ ሕጂ ግን ከጸግመና እዩ፣ ሓደ ምኽሪ ክንህበኩም ሜላ ተጠቒምኩም ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ካብ'ታ ሃገር ከም ዝወጽእ ግበሩ። ንሕና ድማ ንኹሉ መንእሰይ ኤርትራ ክንቅበሎ ኢና እታ ሃገር ባዶ ምስ ተረፈት ብዘይ ኾናት ትሕዝዎ ኢሎሞም። ወያነ ምኽሪ ሓያላን ሰሚዖም ፍልሰት መንእሰያት ኤርትራውያን ስራሕና ኢሎም ተተሓሒዞሞ። ምልዮናት ዶላራት ሰሊዖም ኣብ ኩሉ ቦታታት ወከልቶም ወዲቦም፣ ብፍላይ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ሸወደን ስዊዘርላንድ ሱዳን ልብያ እስራኤኢል ግብጺ ዓዲ ጥልያን ኮታ መራሕቲ  ሃይማኖት'ውን ከይተረፉ ነዚ ጸይቅን ነውራምን ተግባር ስራሕና ኢሎም ስም ኤርትራን መሪሕነታን ኣብ ዓለም ብግህሰት ሰብኣዊ መሰል ከም እትኸሰስን ካብ ዓለም ክትንጸልን ቁጠብኣ ክትዳኸምን ዝገበርዎ ጸለመን ውዲት ናይ ትማሊ ታሪኽ እዩ።

ኣብ 2011 ፓርላማ ኢትዮጵያ ንመለስ ብዛዕባ ወደብ ዓሰብ ሓቲቶም፣ ዝሃቦም መልሲ፣ ንስኻትኩም ብዛዕባ ዓሰብ ትዛረቡ ኣሎኹም ዕላማና ኣብ ዓሰብ ጥራሕ ዘተኮረ ኣይኮነን። ውዱእ ኣጀንዳ ኣሎና ኩሉ መንእሰይ ኤርትራ ካብ ሃገር ኣሕጕሕና ከነውጽኦ ኢና እታ ሃገር ጥራሓ ምስ ተረፈት ድማ ብዘይ ኾናት ኤርትራ ኣብ ቍጽጽርና እያ፣ ዝበሎ ብቪድዮ ተሰኒዱ ቅድሚ 4ተ ዓመት ኣብ ምሉእ ዓለም ተዘርጊሑ ነይሩ መደረ መለስ ፓርላማ ኢትዮጵያ ኢልኩም ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣስዕብ ኣቢሉ ባረክ ኦባማ ኣብ መድያ ወጺኡ መንእሰይ ኤርትራ ኩሉ ካብ'ታ ሃገር ከነውጽኦ ኢና ኾለን ጐረባብቲ ሃገራትን ኤውሮጳን ነቲ መንእሰይ ክቐበልኦ ተነጊርወን'ዩ ዝበሎ ኾልና ሰሚዕናዮ ኢና። እዚ ሕልሚ'ዚውን ታሪኽ ኮይኑ ተሪፉ።

ወያነን ሰዓብቶምን ኣብ ልዕሊ ንጹሃት መንእሰያት ኤርትራ ኣሸካዕላል ይኣክል።

እዞም ኣብ ዘይፈልጥዎ ደልሃመት መሬት ትግራይ ዝጠሓሉ መንእሰያት ብወያነ ግፍዕን በደልን ክወርዶም እንኮሎ ዘይስምዖ ኤርትራዊ የለን።

ኣብ ዓለምና ብዙሓት ስደተኛት ኣለው እንተኾነ ግን ከም መንእሰይ ኤርትራ ኣብ መዓስከራት ትግራይ ግፍዕን በደልን ዝወረዶ ስደተኛ ተራእዩን ተሰሚዑን ኣይፈልጥን።

ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ንስደተኛታት ኤርትራውያን ተባሂሉ ዝተሰልዐ ዓመታዊ ባጀት 800.000.000 (US Dollar) ወያነ ብኢዶም ይርከብዎ ኣለው።  ካብ'ቲ ዝተሰልዓሎም ገንዘብ ንረዲዮ  ኣሰናን ራድዮ ኤረና ኮምኡ'ውን ንወከልቶም ጐባልል ናይ ፌስቡክ እንዳ ኣማቓርሑ ጥሙሕ ሕልምታቶም ንምትግባር ካብ ነዊሕ ዓመታት ክሰርሕሉ ጸኒሖም ሕጂ'ውን ይሰርሕሉ ኣለው።

እንተ መሳኪን ኤርትራውያን ግን ንወርሒ 5ተ ኪሎ ጥረ ስርናይ ጥራሕ ይምጽወተሉ ኣሎ። ብኣንጻሩ ኮታ እቶም መንእሰያት ኣደዳ ኤች ኣይቪ. ቲቭ ኮይኖም ንሞት ዝተቓልዑ ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ መዓስከራት ብቱኻን ቆንጪን ቁማልን ተበሊዖም ብዓበቕን ሰሓን ለይቲ ሰለም ከይበሉ ዝሓድሩ ምኽንዮም ቀጻሊ ጸገማቶም ይገልጹ ኣለው።እቶም ካብ'ቲ መዓስከራት ትግራይ ኣምሊጦም ንኤውሮጳ ዝኣተው መእሰያት ገለ ውሑዳት ብኤች ኣይቪ ዝተለኽፉ ብዙሓት ድማ ብቲቪ ሓሚሞም ኣብ ሆስፒታልን ዘለውን ተሓኪሞም ዝወጹ ብዙሓት እዮም።

ኣብ መዐስከር ስደተኛታት ትግራይ ብብሄርን ዞባን ንኡስ ዞባን ብወገንን ዓሌትን ሃይማኖት ፈላልዮም ነንሕድሕዶም ከባእስዎም ይውዕሉ ኣለው እዚ ብጣዕሚ ዘሕዝን ተግባር እዩ።

ውዱብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ 1951 ብዛዕባ ስደተኛ ዘውጽኦ ኣዋጅ፣ ስደተኛታት ኣብ ዝኣተውዎ ሃገር መሰሎም ተኸቢሩ ክነብር ኣለዎ ዝብል እምበር ኣብ መዓስከር ተኣሲሩ ይንበር ዝብል ሕጊ ኮቶ የለን።

እቲ ንዓይ ዘገርምኒ ግን እዞም ዑሱባት ኣብ ፌስቡክ ዝዛረብዎን ዝዝርግሕዎን ዘለው መንእሰያት ኤርትራ ካብ መዓስከራት ትግራይ ንኺይወጹ ገዛ ገዛ እንዳ ኣተው ፊርማታት (Petation) ይእክቡ ኣለው። እዚ'ኸ ብኣውራጃ ብወገን ብዓሌት ብሃይማኖት ክጕጃጅልዎም ብስም ስደተኛታት ኤርትራውያን ኣታዊኦም ንምኽዕባት ዝግበር ዘሎ እከይ ውዲትን ዕላማን እዩ።

ገብሩ ኣስራት ዝበሎ ድሕሪ ደጊም ደቂ ኣንስትዮ ተጋሩ ኣመንዝራ ኣይክህልዋንን እየን። ኣብ ትግራይ ኣመንዝራነት ብኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ክትካእ እዩ ዝበሎ ዦልና ሰሚዕናዮ ኢና።

ከምቲ ስነሓሳብ ገብሩ ኣስራት ነተን ደቂ ኣንስትዮ ኤርትራውያን ከም ኣመዝራ ክጥቀሙለን ከም ዕላማ ሒዞም ይስርሕሉ ኣለው።

በዘሎ ለበዳ ሕማም ክሮና ቫይረስ እቲ እንኮ ፍታሕን ነቲ ሕማም ንምግታእ ርክብ ምስ ሰብ ክውገድ'ዩ። በዚ መሰረት ድማ ናይ መዓስከር ስደተኛታት ክዕጾን ክርገጥን ናይ ግድን' ይኸውን። እቶ ስደተኛታት ድማ ኣብ ውሑስ ቦታ ክግዕዙ ኣለዎም።

ኣብ ሓደ ዓዲ ዓቢ ውራይ ተገይሩ ሓደ ዓቢ ሰብኣይ ኣብ'ቲ ውራይ ዝፈቕዶም ስኢኖም ብጥሜት ከብዶም እንዳ ሓሰዩ ሓዲሮም፣ ንጽብሒቱ ዓው ኢሎም ኣንታ ትማሊ ጸምካ ዝሓደርካ ኢሎሞም እቶም ጸሞም ዝሓደሩ ሰብኣይ ድማ ዘድርርዎም መሲልዎም ኣብዚኣ ኣሎኹ በሉ ኮይኑ ግን ሎሚ'ውን ከምትማሊ ጸምካ ሕደር ኢልሞም ይበሃል።

ኣቱም ፊርማታት ትእክቡ ዘሎኹም ኣብ መዓስከራት ትግራይ መንእሰያት ኤርትራ ብወያን ንክሳቐዩ ትሰርሑ ዘሎኹም ጽባሕ ታሪኽ ክሓተኩም እዩ።

ብመሰረቱ'ኸ ንምንታይ እቲ መዓስከር ኣብ ትግራይ ጥራሕ ኮይኑ ስለምታይ ገሊኡ ኣብ ጐንደር ኣብ ወሎ ዘይኮነ ወያነ ዕላምኦም ዝዕወቱ መሲሎዎም ንመንእሰይ ኤርትራ ኣብ መዓስከራት ዳጕኖም ከም ድሌቶም ክጻወትሎም ጸኒሖም።

እዚ ኣብ መዓስከራት ትግራይ ዘሎ መንእሰይ ከም ኩሉ ስደተኛ ናይ ዓለም መበንበሪ ፍቓድ ተዋሂብዎ ኣብ ምሉእ ኢትዮጵያ ሰሪሑ ክነብር ኣለዎ። እቲ ብድሌቱ ንሃገሩ ክምለስ ዝደሊ ድማ ንሃገሩ ይመለስ ካብ ሎሚ ብመንእሰይ ኤርትራ ምሽቃጥ ይኣክል።

ኩሉ ህዝቢ ኤርትራ ድማ ነዞም ብመንእሰያት ኤርትራ ዝሽቅጡ ዘለው ወያነን ዕሱባትን ኢድናን እግርናን ኣጣሚርና ምርኣይ ቅኑዕን ግቡእን ኣይኮነን። ካብ ደጊም ዝተጻወትኹሞን ዝበደልክምዎን በደል ይኣክል ንበሎም።

ክብርን ዝኽርን ንሰማእታና

ወትሩ ዓወት ንሓፋሽ

ተስፋይ ጀርመን